<u>ትንታነ ንመልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ</u>
<u>ናብ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን</u>



**ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ23 ታሕሳስ 2016 ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት ማለት 2017 ናብ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን መልእኽቲ ሰዲዱ። መልእኽቲ ፕረዚደንት ብዙሕ ኣገዳሲ ትሕዝቶታት ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ኣብ ክልተ መሰረታውያን ጉዳያት ማለት ኣብ'ቲ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ዘሕለፎ ዘይሕጋውን ዓማጺን ውሳነን፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ13 ሚያዝያ 2002 ውሳነ ሂቡ ከብቅዕ ኢትዮጵያ ግን ኣስታት ሓደን ፈርቃን ዕቑድ ኣብ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎበጣኣ ምቅጻላን ዘተኮረ ነይሩ።
እዚ ትንታነ'ዚ ከኣ ኣብ'ቲ ኣብ መልእኽቲ ፕረዚደንት ብንጹር ሰፊሩ ዘሎ ክልተ መሰረታውያን ጉዳያት ዘተኮረ ክኸውን እዩ።

**ቀዳማይ፡- ዘይሕጋዊ እገዳ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ**

1- ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት ዝተዘርግሐ መልእኽቲ ፕረዚደንት ብ31 ታሕሳስ 2016 ዘይኮነስ፡ ብ23 ታሕሳስ እዩ ተጻሒፉ። እዚ ድማ ታሪኻውን ፖለቲካውን ምኽንያታት ኣለዎ። መልእኽቲ ፕረዚደንት ብኣጋጣሚ ምውዳእ 2016 ምእታው 2017 ነቲ ልሙድ ናይ ዮሃና መልእኽቲ

ንምምሕልላፍ ዘይኮነስ፡ የግዳስ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ኣጋ ምእታው ሓድሽ ዓመት 2009 ብፍላይ ከኣ ብ23 ታሕሳስ ነቲ "ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ናብ ባይቶ ጸጥታ ንኽመሓላልፎ ናብ "ኮሚተ እገዳ" ዘቅረቦ ዝተሰነዐ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ተመርኲሱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘመሓላለፎ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ብይን እገዳ ቁጽሪ 1907 ንመራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ንምዝኽኻር እዩ።

2- እዚ ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ዝኾነሉ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ዘሕለፎን ገና ዝቅጽል ዘሎን ዓማጺን ዘይሕጋውን ውሳነ እገዳ ሸውዓተ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። እቲ ውሳነ ዝተመርኮሰሉ መርትዖታት ብወድዓዊ ነቐፌታዊ ገምጋም ንምጽራዩ ዳግመ ውከሳ ኣይተገብረሉን።

3- እቲ ብመምርሒ ምምሕዳር ኣሜሪካ "ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ብመገዲ "ኮሚተ እገዳ" ናብ ባይቶ ጸጥታ ዘቅረቦ ዝተሰነዐ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ንኤርትራ ምስ "ምንቅስቓስ ሽባብ ሶማልን" "ግብረሽበራን" ዝምድና ኣለዋ ኢሉ'ዩ ዝኽሰስ። እንተኾነ ግን እቲ "ጉጅለ" ንባዕሉ ነቲ ኣንጻር ሃገረ ኤርትራ ዘቅረቦ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ጭቡጥ መርትዖታት ምስ ሰኣነሉ ገዲፉዎ እዩ። ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ውሳነ ገና ይቅጽል ኣሎ። እዚ ከኣ እቲ ውሳነ ዝተመርኮሰሉ መርትዖ "ዋላ ትንፈር ጤላ'ያ" ዝዓይነቱ ምዃኑ'ዩ ዘረጋግጽ።

4- መሰረታዊ ዕላማ ናይ'ቲ ብተብተብ ኣብ ኣጋ ሓድሽ ዓመት ዘይሕጋዊ ውሳነ ቁጽሪ 1907 ምሕላፍን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘይፍትሓዊ እገዳ ምስግዳድን ከኣ እዚ ዝስዕብ'ዩ ነይሩ።

4-1፦ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ13 ሚያዝያ 2002 ድሕሪ ምሕላፉን ኣብ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ኣዕኑድ ንምትካል ዝነበረ መደብ ኢትዮጵያ ምስ ነጸገቶ ኣብ 2007 ብሓሳብን ካርታን ናይ መወዳእታ መልክዑ ምስ ሓዘን ኢትዮጵያ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ከምዘላ ምእንቲ ከይፍለጥ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ።

4-2፡- ኤርትራ ንሕጋዊ መሰላ ምእንቲ ከይትከላኸል ሓድሽ ጉዳያት እናመሃዘካ ኣብ ቀጻሊ ሻቕሎት ንምእታዋ።

4-3፡- ውሳነ ቁጽሪ 1907 ነታ ንውሳነ ኮምሽን ዶብን ኣህጉራዊ ሕግን ረጊጻ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ዘላ ወራሪት ኢትዮጵያ ኣጽዋር ክትገዝእን ካብቶም ብውክልና ኣጀንዳኣም ኣብ ዞባና እትትግብረሎም ሓይልታት ወተሃደራዊ መሳርሒታት ክትረክብን ዘፍቅድ ክኸውን ከሎ፡ ንተወራሪት ሃገር ማለት ንኤርትራ ድማ ኣጽዋር ከይትገዝእን ነቲ ብኢትዮጵያ ተጎቢጡ ዘሎ መሬታ ሓራ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ ንነፍሳ'ውን ከይትከላኸል ዝኸልክል እዩ። እዚ ድማ ንኩሉ ኣህጉራዊ ውዕላትን ሕጊታትን ዝጻረር ተግባር እዩ።

5- ነቲ ናይ ብሓቂ ትሕዝቶ ዘይብሉ ብመሰረት'ቲ ጸኒሑ መርትዖታት ምስ ሰኣነ ዝገደፎ "ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ብዘዳለዎ ስኑዕ ናይ ሓሶት ክሲ ዝሓለፈ ውሳነ ቁጽሪ 1907 ዳግመ ርእይቶ ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ29 ሕዳር 2016 ኣብ ዘካየዶ ቁጽሪ 7807 ኣኼባኡ ዓማጺ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ክናዋሕ'ዩ ወሲኑ። እዚ ድማ ንኤርትራ ንምቕጻዕ መርትዖ ብዘለዎ ክሲ ዘይኮነስ፡ በቲ ዘዳለዎ ኣካል ንባዕሉ ዝተገድፈ ውዱቕ ክሲ ምድላዉ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ድሌት ከም ዝነበረ'ዩ ዘረድኣና። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘሎ ወኪል ካብ ጂኦ ፖለቲካውን ጂኦ እስትራተጂያውን ሕሳባቱ ተበጊሱ ከምኡ ክኸውን ስለዝደለየ።

6 - ነቲ ሕጋዊ ባይታ ዘይብሉ ካብ ፖለቲካዊ ድፍኢት ዝተበገሰ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ዘይሕጋውን ዓማጽን ውሳነ እገዳ ንምስራዝ ሓሙሽተ ቀወምቲ ሃገራት ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሃናጺ ሓሳብ (Road Map) ኣቕሪበን ነይረን። እንተኾነ ግን ክሳብ ሕጂ ክዕወታ ኣይከኣላን። እዚ ድማ እቲ ነዚ ውሳነ'ዚ ዝመሃዘን ብስሚ ዝተለኸየ ህያብ ንህዝቢ ኤርትራ ከቕርበሉ ኢሉ ብተብተብ ኣብ ሓድሽ ዓመት ንገለ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ብምሕባል ካልኦት ኣባላት ድማ ብዝንጉዓቶም ከለዉ ብመገዲ ወኪሉ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዝነበረት ሱዛን ራይስ ኣቢሉ ዘሕለፎ ምምሕዳር ኣሜሪካ ድሌት ከም ዘይብሉ ዘነጽር ካልእ መርትዖ እዩ።

**ካልኣይ፡- ምቕጻል ጎበጣ ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ኤርትራ**

1- ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ12 ታሕሳስ 2000 ስምምዕ ሰላም ኣብ ዋና ከተማ ኣልጀርስ ካብ ዝፍርማ 16 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። እንተኾነ ግን ኢትዮጵያን ኣህጉራዊ ወኪሉን ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምዕንቃፍን ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ዓቕሚ ኤርትራ ንምጽንቃቕን ናይ ኣይኩናት ኣይሰላም ሃዋሁው ክህሉ'ዮም ዝደልዩ።

2- ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ብተሳትፎን ውሕስነትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ነበር ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃን እዩ ተኸቲሙ። በዚ ከኣ እቲ ስምምዕ ክልተኣዊ ዘይኮነስ ኣህጉራዊ እዩ። ስለዚ ከኣ በቲ ስምምዕ ምምእዛዝን ምሉእ ብምሉእ ምትግባሩን ሓላፍነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኡ ደረጃ'ውን ሓላፍነት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ'ውን እዩ።

3- ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ብዝወሰነሉ ሕጋዊ መወከሲታት ማለት መግዛእታዊ ውዕላትን ኣህጉራዊ ሕግን ምስኡ ዝተኣሳሰር ካልእ ሕግታትን መሰረት'ዩ ናይ መጨረስታን ቀያድን ውሳነኡ ብ13 ሚያዝያ 2002 ኣውጺኡ። ውሳነኡ ከኣ ናይ መጨረስታን ቀያድን ኮይኑ ንዘተ ዘየፍቅድን ይግባይ ዘይብሃሎን እዩ።

4- ሕጂ ድሕሪ 14 ዓመት ካብ ኮምሽን ዶብ ውሳነ ዝሃበሉ ዕለት፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ገና ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ከምዘሎ ኮምሽን ዶብን ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝውከል መላእ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ዝመስከርዎ እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ከምዘለዎ ክቅጽል ስለዘይግባእ ድማ፡ ባይቶ ጸጥታ ብመሰረት'ቲ ኣብ ዋና ከተማ ኣልጀርስ ብ18 ሰነን 12 ታሕሳስን 2000 ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተኸተመ "ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታትን" "ስምምዕ ሰላምን" ተራኡን ግቡኡን ክፍጽም ኣለዎ።

5- እንተኾነ ግን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ይኹን ባይቶ ጸጥታ ነቲ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ክቀጽዕዎ ኣይከኣሉን። እዚ መርጺ'ዚ ድማ ንዓንቀጽ 14 (ሀ) ናይቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ18 ሰነ 2000 ዝተኸተመ "ስምምዕ ምቁራጽ ተጻባኦታት" ብቅሉዕ ዝግህስ እዩ። እቲ ዓንቀጽ ሓደ ወገን ወይ ክልቲኦም ወገናት ነቲ ክፍጽምዎ

ዝግባእ ግቡኣቶም ምስ ዘይትግብሩ "ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስድ፡ ባይቶ ጸጥታ ድማ ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስድ" እዩ ዝብል።

6- እቲ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ድሕሪ ምውጽኡ ኢትዮጵያ ንሃገራዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ምሓዛ እዚ ዝስዕብ ሳዕቤን ዘለዎ ሓደገኛ ፍጻመ እዩ።

6-1፡- ኣህጉራዊ ስምምዓት ተኣማንነት ኣይህልዎን።

6-2፡- ስምምዓት ሰላም ተኣማንነት ይስእን።

6-3፡- ኣህጉራዊ ብይን ተኣማንነት የጥፍእ።

6-4፡- ናይ መጨረስታን ቀያዲን ዝብሃል ውሳነታት'ውን ተኣማንነት ዘይብሉ ይኸውን።

6-5፡- ኣህጉራዊ ስምምዓትን ፍርዲታትን ብዝምልከት ኣሉታዊ መርገጺ ኢትዮጵያ ከም ኣብነት ተወሲዱ ካልኦት ክኽተልዎ ይኽእሉ እዮም።

7- ስርዓት ኢትዮጵያ ንወተሃደራዊ ኩነታት ናብ ወጥሪ ንምእታውን ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምፍጣርን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ወተሃደራዊ ስርሒታትን ምትኹታኹን ከካይድ ይርከብ። እዚ ዝተሓተ ሓላፍነታዊ መንፈስ ዝጐደሎ ፖሊስታት ኢትዮጵያ፡ ብወገን'ቲ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብንጹር ዕማም ዘሰከሞ ባይቶ ጸጥታ እቲ ጉዳይ ከም ዘይምልከቶ ዝኾነ ይኹን ተገዳስነት ኣይገበረሉን። እዚ ድማ ንስርዓት ኢትዮጵያ ስለዘተባብዖ ብሓዊ ናይ ምጽዋት ተግባሩ ይቕጽሎ ኣሎ።

8- ስርዓት ኢትዮጵያ ንስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ ብምጥሓሱን ብውሳነ ኮምሽን ዶብ ብዘይምምእዛዙን ብሓደ ወገን፡ ባይቶ ጸጥታ ድማ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ግቡኣቱን ተራኡን ብዘይምፍጻሙ በቲ ካልእ ዝተፈጥረ ዘይርጉእ ኩነታትን ወጥሪን ሉኣላውነትን ርግኣትን ጸጥታን ከም ዝጠፍእን ናይ ሰላምን ቍጠባዊ ልምዓትን ዕድላት ከም ዝባኽንን ገይሩ እዩ።

9- ገለ ሓይልታት ንስቕታ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብምምዝማዝ ንልዕልነት ሕጊ ረጊጾም ኣንጻር ኤርትራ ተደጋጋሚ ግህሰት ዝፍጽሙ ኣለዉ። እዚ ምስ መንፈስ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጻረርን ምስ ዕላማታት ናይ'ቲ ኣህጉራዊ ጸጥታን ሰላምን ከውሕስ ዝተመዘዘ ባይቶ ጸጥታ ዝገራጨን ኩነታት እዚኸ ክሳብ መዓስ'ዩ ክቕጽል?!

ብመሰረት'ዚ ኩሉ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሓቂታት እምበኣር መንግስቲ ኤርትራ ንመራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን፡-

1- ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንምኽባር፡
2- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብዓመጽን ጽልኢን ዝተሰገደደ ዘይሕጋዊ እገዳ ከም ዘብቅዕ ንምግባር፡
3- ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ኣብ ክንዲ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ውሳነታት ኣብ ምሓልፍ ደሪቁ ዝቅጽል፡ ነቲ ኣቀዲሙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ ታሪኻውን ፖለቲካውን ጌጋታት ንምእራም ክሰርሕ ጸዊዑ።

13 ጥሪ 2017